*ኖርወይ*

# ንምንታይ እዩ ውልቃዊ መረዳእታይ ናብ ዩሮዳክ ዝመሓላለፍ?

ታይፕ ዲ (Type D)

**ብዘይሕጋዊ መንገዲ ኣብ ኣባል ሃገር ዝጸንሑ ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋታት ወይ ሃገር ኣልቦ ሰባት**



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

ብዘይ ፍቓድ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ተረኺብካ ኣለኻ።

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እቲ ብሰበስልጣን ዝኽዘን ዳታን ንኽንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

## ስለምንታይ እየ ኣሰር ኣጻብዕተይን ስእለይን ክህብ ዘለኒ?

ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም። እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

ዩሮዳክ ንገለ ምድባት ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ምስቲ ፍሉይ ስብስብ ኣሰር ኣጻብዕቶምን ስእሎምን የራኽበም።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእላ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት ተዘርዚረን ኣለዋ።

**ሕጂ ኣብ *ኖርወይ* ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
***ሃገራት* ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

## ኣብ ዩሮዳክ ዝኽዘን ኣየናይ ዳታ እዩ?



እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ይኽዘን፡-

- ኣሰር ኣጻብዕትኻ
- ስእሊ ገጽካ
- ኩሉ እቲ ሕጂ እትጥቀመሉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ኣስማት
- ኩሉ ሕጂ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ዕለታት ልደት
- ትውልዲ በታኻ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ጾታኻ
- ቅዳሓት ናይቲ ዝተጠቐምካሉ ናይ መንነት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት፣ እኹተልዩ፣ እንተላይ ብዛዕባ ሓቅነቶም ዝምልከት ሓበሬታ
- ናይቲ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ዝወሰደ መኮነን ናይ ተጠቃሚ መለለዪ መንነትን ዳታኻ ዝተወሰደሉን ዝተመሓላለፈሉን ዕለታትን
- ብዘይ ፍቓድ ክትጸንሕ ዝተረኸብካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት እውን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘኑ እዮም፡-

- ብወለንታኻ ናብ ዓድኻ ንክትምለስ ንዝቐረበልካ ዕድመ ተቐቢልካ'ዶ ኣይተቐበልካን ዝምልከት ሓበሬታ።
- ናብ ትውልዲ ሃገርካ ዝተመልስካሉ ዝኾነ እዋን ወይ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ውሳነ ወይ ብሰበስልጣን እንተተኣሊኻ፣ ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ
- ንዝውውር እንተተመሪጽካ፡ እታ ዝተዛወርካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ’ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ ‘**ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም**’ ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውልቃዊ መረዳእታይ ኣብ ዩሮዳክ ክሳብ መዓስ እዩ ክኽዘን?



ሓበሬታኻ ን5 ዓመት ክኽዘን ድሕሪኡ ብኣውቶማቲክ ክስረዝን እዩ።

እዚ ግዜ ቅድሚ ምውዳኡ ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዜግነት እንተረኺብካ፣ ዳታኻ ይስረዝ። ዳታኻ እንተተሰሪዙ፣ እዚ ኣብታ ዜግነት ዝረኸብካላ ሃገር ዘለካ ኩነታት ኣይክጸልዎን እዩ።

## ካልእ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ሓበሬታ ኣሎ ድዩ?

ውጽኢት ናይቲ ናይ ድሕንነት ናይ ፍተሻ መርመራኻ ክኽዘን እዩ፡ እቶም ሰበስልጣን ብዛዕባኻ እዚ ዝስዕብ እንተረኺቦም፦-

- ዕጥቂ ምውናን
- ዓማጺ ባህሪ
- ኣብ ገበናት ግብረሽበራ ተሳትፎ
- ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትእሰር እትኽእለሉ ከቢድ ገበን እንተፈጺምካ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ንውሽጣዊ ድሕነት ሓደጋ ከተስዕብ ከም እትኽእል ተጌሩ ክውሰድ እዩ። እዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝተገልጸ ተግባራዊ ምኽንያት ወይ ምኽንያታት ብሓባር ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘን እዩ።

ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድሕሪ ደጊም ንውሽጣዊ ድሕነት ሓደጋ ኔረን እንተዘይቆጺረንካ እዚ ሓበሬታ ክስረዝ እዩ።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ’ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ ‘**ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም**’ ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ መዘኻኸሪ እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መዘኻኸሪ ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቃቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ። © ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025